Tasmanian Electoral Commission

# 2026 ዓ፣ም ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ናይ ጶስጣ ድምጺ መውሃቢ መምርሒ

## ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ ብኸመይ

## ከም እትመልእን ከም እትመልሶን




ካብ ዕለት 5 ክሳዕ 9 ጥቅምቲ/October 2026 ዓ.ም እዚ ኢንቨሎፕ እዚ ኣብ ሳጹን ጶስጣኻ ኽትረኽቦ ኢኻ።

እዚ ካብ ኮሚሽን ምርጫ ታዝማንያ እተላእከ ናይ ፖስታ ድምጺ መውሃቢ ቦርሳ እዩ።

ኣብ ናይ ከባቢኻ ምርጫ ንምምራጽ ነዚ ክትጥቀመሉ ኢኻ።




ብጶስጣ እተላእከ ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ ከምዚ ዚስዕብ የጠቓልል፦

1. ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቐት
2. ካብ ሕጹያት ተመረጽቲ መግለጺታትን ንናይ ድምጺ ኣውሓሕባ መምርሒታትን ዝሓዘ ንእሽቶ መጽሓፍ
3. ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቐት ኢንቨሎፕ
4. ንመልሲ ዝተኸፈሎ ኢንቨሎፕ




ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቐት ነቲ ሳጹናት ካብ 1 ንደሓር ብዝደለኻዮ መስርዕ ቊጽር ምሃብ።

ድምጽኻ ንምቊጽጻር ክንደይ ሳጹናት ክትቝጽር ከም ዘሎካ ንምፍላጥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ድምጺ መውሃቢ ወረቐት ዘሎ መምርሒታት ምኽታል።




ንኹሉ ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ ምስ ወዳእካ ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ኢንቨሎፕ ኣእትዎ እሞ ሕተሞ።




ነቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ኢንቨሎፕ ኣብቲ ድሕሪት ዘሎ ሳጹን ፈረሞ። ነቲ እተፈረመ መኽደኒ ዝተጣበቀ ኣተሓሕዞ።

እቲ ኢንቨሎፕ እንተ ዘይተፈረመ ወይ እቲ መኽደኒ እንተ ተወጊዱ ድምጽኻ ኣይቍጸርን እዩ።




ነቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ ወረቓቕቲ ኢንቨሎፕኻ ኣብቲ መልሲ ዝተኸፈሎ ኢንቨሎፕ ኣቐምጦ እሞ ኣሽጎ።




ብእተኻእለካ መጠን ቀልጢፍካ ነቲ ዝተኸፈሎ ኢንቨሎፕኻ መልሶ። ማሕተም ኣየድልን እዩ።

ኢንቨሎፕኻ ሰሉስ ዕለት 27 ጥቅምቲ/October ሰዓት 2 ድሕሪ ቐትሪ ኣብኡ ኽምዝበጽሕ ኣረጋግጽ፣ ስለዚ ንኽትበጽሖ እኹል ግዜ ሃቦ።




ነቲ መልሲ ዝተኸፈሎ ኢንቨሎፕኻ ብፖስታ ንምልኣኽ እኹል ግዜ እንተ ዘይብልካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቤት ምኽሪ ኸባቢ ኸትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

ሰሉስ ዕለት 27 ጥቅምቲ/ October ክሳዕ ሰዓት 2 ድሕሪ ቐትሪ ክትቅበል ኣሎካ።